TB FREE KING COUNTY

# ክታበት ቢሲጂን መርመራታት ቲቢን

**መርመራ ቲቢ** እንተድኣ ኣድልዩካ ብቆልዓ ከለኻ ክታበት ቢሲጂ ዝወሰድካ እንተኾይኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ዋላ'ውን እንተተኸተብካ፡ ብፍላይ ሕጂ እኹል ሰብ እንተኾንካ፡ ሕጂ'ውን ሕማም ቲቢ ክትታሓዝ ትኽእል ኢኻ።

**ክታበት ቢሲጂ(BCG)** ካብ ዝኸፍአ ዓይነታት ቲቢ ህጻናት ይከላኸል። ከም እኹል ሰብ ኣይከላኸለልካን እዩ።

**መርመራ ቲቢ ብመርመራ ደም።** እቲ ቢሲጂ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ክታበት ቲቢ፡ ውጽኢት መርመራ ደም ኣይቅይሮን እዩ። ቆልዓ ከለኻ ክታበት ቢሲጂ እንተኔሩካ ንሓኪምካ መርመራ ቆርበት ቲቢ ከይጥቀም ንገሮ።

**ናይ ኣፍልቢ ራጂን ናይ ሓካይም ምብጻሕን** ምርመራ ደም ቲቢካ ኣወንታዊ እንተኾይኑ እቲ ዝቕጽል ስጉምቲ እዩ። ዘይንጡፍ ሕማም ቲቢ ወይ ንጡፍ ሕማም ቲቢ እንተሃልዩካ ሓኪምካ ክውስን እዩ።

**ኣብ ኣሜሪካ፣** ብዙሓት ሰባት ንዘይንጡፍ ሕማም ቲቢ መድሃኒት ይወስዱ ድሒሮም ከይሓሙ። ካልኦት ሃገራት ንዘይንጡፍ ሕማም ቲቢ መድሃኒት ክህባ ኣይክእላን እየን። መድሃኒት መብዛሕትኡ ግዜ ካብ 3 ክሳብ 4 ወርሒ ይጸንሕ።

ንጡፍ ሕማም ቲቢ ዘለዎም ሰባት ሕማም ይስምዖም እሞ ጀርምታት ቲቢ ናብቶም ኣብ ቀረባኦም ክዝርግሑ ይኽእሉ። ክትድውሉልና ትኽእሉ ኢኹም ብ 206-744-4579፡ ኣማራጺ 1፡ ወይ ብኢመይል፤ LTBI@kingcounty.gov ሕቶታት ንምሕታት።

Public Health
Seattle & King County